

***ምንባር ዘይምንባረይ ምሳኺ ሃገረይ፥***

*ሓረስታይ ይኹን ሸቃላይ፥*

*መምህር ይኹን ተማሃራይ፥*

*ጓሳ ይኹን ምስ ከብቲ ወዓላይ፥*

*ኣንስታዩ ተባዕታዩ ሃገረይ በሃላይ፥*

*ምንእንታኻ ኣብ እሳት ደባላይ፥*

*ምንባረይ ዘይምንባረይ ዝበለ ምስ ሃገረይ።*

*ፍቕርኺ ሰፊሩ ኣብልበይ፥*

*ማሕተም ኮይኑ ናይ ትምኒተይ።*

*ኤርትራ ሃገረይ ወሎሎ፥*

*ኪኢልኪዮ ሃገራት ዘይክእሎ።*

*ሃገር ኣናብስ ሃገር ዋዕሮ።*

*ዓዲ ዋርሳይ ዓዲ ይካእሎ።*

*ተፈታዊ ቅርጺ ገምገም ባሕሪ፥*

*ክልተ ክራማት ምህርቲ ዘፍሪ።*

*ተሰሪሑ ታሪኽ ብደቅኺ፥*

*ዝነብር ኣኽሪዑ ንዓኺ።*

*ሕጂውን ኣለዉ ንኤርትራይ ዝብሉ፥*

*ኣብ ዋዒ ይኩን ቀዝሒ ስለኺ ዝመሓሉ፥*

*ዕጥቆም ዘየውረዱ ጸላእትኺ ዝከላኸሉ።*

*<<< ኩርዒ ኩርዒ ኩርዒ>>>*

*ነባሪ ክብርን ዝኽርን ንሰማእታትና፥*
*ዓወት ንሓፋሽ፥*
*ገብረንጉስ መስመር።*